# ራእይና ሓንቲ ምዕብልትን ዘይትድፈር ሃገረ ኤርትራ ንምህናጽ እዩ !

ተዳለወ ብመድሃኔ ተስፋኣለም

1ይ ክፋል

ሃገር ማለት : ( ከምቲ እዞም ጐረቤትና ኣገር ውይስ ሃገር ) ኢሎም ቁንቁኛ እናፈልፈሉ ዝፈላልይዎ ዘይኮነስ : ሃገረ ኤርትራ ክንብል እንክለና ህዝባ መሬታ ባሕራ ክሊ ኣየራ ኰይኑ :
ካብ ወጻኢ ከም ሞዴል ተቐዲሑ ዝተስገደደ ምሕደራ ምስሳይ ዘይኮነ : ምስ ባህልኻን ልምድኻን ዝሳነን ብልቢ እትዓግበሉ ኣገባብ ምሕደራ ፡ ምህርቲ ፍልጠት እትሓፍሰሉ ፡ ካብ ተጻይ-ጥዕና ፡ ሕክምና ረኺብካ እትገላገለሉ፡ ትሕተ ቅርጻ ኣዋዲድካ ራህዋ እትሻመወሉ ፡ ካብ ትኳቦን ረዴትን ተገላጊልካ ብነብስኻ እትሓድረሉ ኮታ ሃገርካ ማዕቢላ ምኡዝ ዝኾነ ሂወት ከተሕልፍ ፡ ሕደግዶ ጻዕረኛ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ተራሰብ እንተኾነ'ውን ዝምነዮ ባህታ ሂወት እዩ ፡

"ትምኒት ግን ንበይኑ ኣኻሊ ምኣስ ኮይኑ " ፡ ንትምኒትካ ኣብ ጋህዲ ንኽትቅይሮ ፡ ከተማልኦም ዘለካ ቀንዲ ነገራት ኣለዉ ፡ ንሳቶም ክኣ በብእዋኑ ዘጓንፉኻ ብድሆታት ኮይኖም ክትሰግሮም ናይግድን ኣለካ ፡ ክትሰግሮም ግን ፡ ብኸመይ መንገዲ ? እቲ ክምለስ ዝግብኦ በዳሂ ሕቶ ?

እቲ ቀዳማይን ዘዓውትን ዝቐርብ እንኮ ምርጫ ፡ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ተሞርኲሳካ እተካይዶም ቃልስታት'ዩ ዝውሰን : ደገፍ ወይ ሓገዝ ኣየድልን ማለት ኣይኮነን እንታይድኣ ኣብ ካላዊ ስለዝስራዕ :

ስለዚ ርእሰሙርኰሳ ብስራሕ እዩ ዝዕምብብ ፡ ንትግባሬኡ ኣብ ትብገሰሉ : ቃልሲ ተወፋይነት ፡ ክሳብ ርእሰመስዋእቲ ዝጠልብ ግድል'ውን ዝጸንሓካ ኣሎ ፡ ክትሰግሮ ግድን ስለዝኾነ ክኣ ፡ንህዝብኻ ናይ ዘልኣለማዊ ራህዋ ንክትዕድል ፡ ንእትፈትዋ ሂወትካ ትብጆ ፡ <u>ስለዚ ህላዌኻ ዝረጋገጽ ምስ ህላወ ህዝብኻ ማለት ይኸውን :</u>

ቃልስን ተብጃውነትን ንህዝቢ ኤርትራ ሓድሽ ነገር ስለዘይኮነ ፡ ንጸገሙ ብገዛእ ርእሱ ናይ ምፍታሕ ምብልሓት ስለዘጥረየን ፡ ናይ ምጽማም ክእለት ኣጥርዩ ከም ወርቂ ኣብ ሓዊ ተፈቲኑ መሊሱ ዝተረረን ፡ ኣብነት ናይካልኦት ጭኩናት ኣህዛብ ኮይኑ ትኣምር እናኣመዝገበ ኣብ ርሒብ ቃልሲ ተጸሚዱ ይርከብ ፡ ክሳብ ሕጂ ኣመዝጊብዎ ዘሎ ውጽኢት ክኣ ንዓለም ዘደነቐን :" ብፍላይ ነቲ ጭቁን ጸሊም ህዝቢ ኣፍሪቃ ፡ ከም ኮኾብ ሰብኣ-ሰገል ሓባሪ ጩራ ምዕባለ በቲሓደወገን : በቲ ካልእ ከኣ ናይ ጽቡቕ ሒማቕ ኣብነት " ኮይኑ ምህላዉ መስኩሩለይ ዘይድልዮ ሓቂ'ዩ ፡

<u>እንታይ እዩ ግን እቲ ምስጢር</u> ?

ብሕጽር ዝበለ ክምለስ እንተድኣኮይኑ ፡ ካብያታዊ ባህልና ዝወረስናዮን ፡ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘማዕበልናዮም ክብርታትና እዮም :ነዚኦም ክብርታት ስለዝዓጠቕና ክኣ'ኢ.ና ፡ ብሓይላት ዓለምና ዝኾና ሃገራት ዝድገፍ ዝነበረ ኣርዑት ናይ መግዛእቲ ሰባቢርና ምልኣተ ጽሓይና ዘብረቕና ፡

~ ነዚኦም ክብርታት ስለዝዓጠቕና ክኣ'ይና ፡ ውዲትን መልሓስን ናይቶም ንኣሳጉማ ቃልስና ፡ እንትርፎ ኣብናይ ሕልሚ እንጀራ ምህውታት እንተዘይኮይኑ ፡ ክንዲ ፍረአድሪ'ውን ትኹን ለወጢ ከነምጽእ ከመዘይንኽእል ንዓለም ከእምኑ እንቅዓ ዝዓፈሩ

*መልሓሶም ዓጺፍና ፡ ኣብ'ቲ ምዕሩግ መዓልቲ ምዝዛም ታሪኻዊ ዓወትና " መዓልቲ ናጽነትና " ፡ መልሓሶም እናሓየኹ ዕረ እናጎርደዐ ፡ ከምትዓዘብቲ ዘኣንገድና ፡*

*~ ነዚኦም ክብርታት ስለዝዓጠቕና ክኣኢና ፡ ኣብታ ብዘይ ሓገዝ ናይተን ምዕቡላት ኢና በሃልቲ ክትሰርር ዘይትኽእል ብፕላኔት ጸለምቲ እትፍለጥ ኣህጉር ኣፍሪቃ ፡ ብርእሰትኣማንነት ንጉዕዞ ምዕባለ ኣንፈቱ ኣለሊና ፡ ናይ ምጽማም ተኹእሎ ኣጥሪና : ሓቦን ኒሕን ዓጢቕና ንህንጸት ሃገርና ብዘደንቕ ንቐድሚት ብስራሕ ንሕምበብ ዘሎና፡*

*~ ነዚኦም ክብርታት ስለዝዓጠቕና ክኣ'ኢና ፡ ሓንቲ ምዕብልትን ዘይትድፈር ሃገረ ኤርትራ ክንሃንጽ ኣለና ኢልና ብተግባር ኣብ ጒዕዞ ሓያል ቃልሲ ንረባረብ ዘሎና ፡*

*~ ነዚኦም ክብርታት ስለዝዓጠቕና ክኣ'ኢና ፡ ኤርትራዊ ባህሊ ዓቒብና ፡ ቁጠባውን ፖለቲካዊ ማሕበራዊ መዳያትና ኣኻዕቢትና ልዑላውነት ሃገርና ኣውሒስና፡ ብቁጠባን ጅኦ/ፖለቲካውን ስነፍልጠትን ፡ ሓንቲ ስምርትን ህጥርትን ዘይትድፈር ልዑላውነታ ዝተኸበረት ሃገረ ኤርትራ ፡ ንመጻኢ ወለዶ ከነውርስ ኣብ ትግባረ ንጎዩ ዘለና ፡*

*እዚ ክንብል እንከለና ግን እቶም ክብርታት እንብሎም ኣየኖት እዮም ?*

*ኣብ 2ይ ክፋል የራኽበና*

*ሰናይ ቅነ*

*ዘልኣለማዊ ክብርን ሞጕስን ንጀጋን ሰማእታትና*

*ዓወት ንሓፋሽ !*

*ተዓለወ ብመድሃኔ ተስፋኣለም*